*** ተቐበል ሕድሪ! ***

ክንዲ ህይወት ዋሕስ፣ ከም ርስቲ ዓንዲ ኮይኑ፣
ከም ውላድ ሓድጊ፣ ንድምጾም ወኪል ኮይኑ፣
ቃል-ኪዳን ምስ ስውኣት ኣትየ፣ ጠጠው ክብል ኣነ፣
ተወፋይነት ጅግንነቶም ክዕለል ኣብ ወርሒ ሰነ፣
መበል ዕስራ መዓልቲ ከም ሓወልቲ ተበይኑ፡፡

መልእኽቲ ’ሎኒ ዝቓጸርክዎ ኣብ ዕጣቐይ፣
ሃየ ኣስረክብልና ሕድሪ ዝተመሓላለፈለይ፣
ጽን ኢልካ ስምዓኒ ወዲ ሃገር ክፍጽም ግቡኣይ፣
እንሆ ኣፋፍኖት እቲ ሕሹኽታ ምስጢረይ፡፡

ሞት ሓንቲ እያ፣ መራር ብቐደማ፣
ናትና ግን ትኩር’ዩ ንቕዱስ ዕላማ፣
ንመሪር መስዋእቲ ክንረኽበሉ ጻማ፣
ህዝብና ክርህዎ፣ ንሉዑላዊ ግርማ፣
ሓሊፍና ኣሎና፣ ሃየ ሕድሪ ተሰከማ፡፡

ብዘይሃገር የልቦን ምሉእ ክብረት፣
ብዘይስራሕ ኣይርከብን ጠለብ ልምዓት፣
ጉየ ተቐዳደም ብዕቱብ ሓድነት፣
ራህዋ ከተእቱ፣ ሰላም ምስ ቅሳነት፡፡

ትልማዕ ኤርትራ፣ ኣዝያ ትጸብቐ፣
ሓርኮትኮት በለላ፣ ዓለም’ውን ይደነቐ፣
ሻማ! ተቐዳደም፣ ብርሃጽካ ሃገር ንደቐ፣
ነዚ ግዴኻ ንገድፎ፣ ብትብዓት ክትዕጠቐ፡፡

እዚ’ዩ መልእኽተይ፣ ሕድሪ’ቶም ዝሓለፉ፣
ክቡር ህይወት በጅዮም ናጽነት ዘትረፉ፣
ንሓጹር ህይወት ሰጊሮም ብሰላም ዝዓረፉ፣
ብደምን ኣዕጽምቶምን ታሪኽ ዝጸሓፉ፡፡

ወኪሎም ክኸውን ካብ ተመረጽኩ ኣነ፣
እንሆ ይቃላሕ ሕሹኽታ ወርሒ ሰነ፣
ዝተቐበልክዎ መልእኽቲ ብኺዳን ኣሚነ፣
ሕድሪ ተቐበል ወዲ ሃገር፣ ብታሪኽ ተዳነ፡፡

*** ዘለኣለማዊ ዘኽሪ ንስዉኣት ኤርትራ! ***